
# ስርሒት ፈንቅል፡

## ድንቂ ወተሃደራዊ ስትራተጂ ህ.ግ.ሓ.ኤ




ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ካብ'ቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝወርድ ዝነበረ ግፍዒ፡ በደልን ወጽዓን ዝተወልደ ፖለቲካዊ ሓይልን መትከላትን መንእሰያት ኤርትራ ኰይኑ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ወዲቡን መሪሑን ባህጊ ሓርነትን ናጽነትን ህዝቢ ኤርትራ ተሰኪሙ ኣብ ምዕራፉ ንምብጻሕ፡ ብህዝቢ ኤርትራ ዝተወከለ ውድብ እዩ። ስርሒት ፈንቅል ከኣ፡ ሓደ ካብ'ቶም ወተሃደራዊ ብልሒን ርቀትን ኤርትራውያን መንእሰያት ዝተመስከረሉ ኣደናቒን ግዙፍን ወተሃደራዊ ስርሒትን ዓወትን እዩ።

ህግ፡ ስርሒት ፈንቅል ከካይድ ምስ ወሰነ፡ ዕብየትን ኣገዳስነትን ከምኡ'ውን ዓወቱን ፍሽለቱን ኣብ መጻኢ ዕድል ናጽነት ኤርትራ ክህልዎ ዝኽእል ጽልዋ ኣብ ግምት ኣትዩ፡ ኣዝዩ ጽፉፍ ምድላው ክካየደሉ ነይርዎ። ኣብ 1977 ህግ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ንምሕራር ዘካየዶ ስርሒት ከም'ቲ ዝተደልየ ስለዘይከደን ገዚፍ ወስዋእቲ ስለዝተኸፍሎን፡ ኣብ ኣእምሮ ነፍሲ- ወከፍ ተጋዳላይን ህዝብን መሪር ዝኸሪ'ዩ ገዲፉ ነይሩ። ስለ'ዚ፡ ድሕሪ 13 ዓመታት ንካልኣይ ግዜ ምጽዋዕ ንምሕራርን ኣንፈት ወተሃደራዊን ፖለቲካዊን ጉዕዞ ህዝቢ ኤርትራን ሰውራኡን ንምንጻርን ዝካየድ ውግእ፡ ፍጹም ጉድለት ዘይብሉ ክኸውን ከምዘለዎ ኣይሰሓትን።

ጽፉፍ ወተሃደራዊ ስርሒት ንምክያድ፡ ጽኡይ ስለያዊ ሓበሬታ ጸላኢኻ ምክያድ ቀዳማይ ወተሃደራዊ ሕጊ እዩ። ቻይናዊ ሊቕ ወተሃደራዊ ስትራተጂ ሳን ጹ፡ ኣብ'ታ 'ጥበብ ኵናት' (The Art Of War) እትብል ወተሃደራዊ ስትራተጂ እተስተምህር መጽሓፉ፡ "ንጸላኢኻን ንገዛእ-ርእስኻን ትፈልጥ እንተ'ኼንካ፡ ብውጽኢት ኣማኢት ውግኣት ኣይክትፈርሕን ኢኻ። ንገዛእ-ርእስኻ ትፈልጥ ግን ንጸላኢኻ ዘይትፈልጥ እንተ'ኼንካ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓወት እትጓናጸፈሉ ስዕረት'ውን ክትቅበል ኢኻ። ገዛእ-ርእስኻን ጸላኢኻን ዘይትፈልጥ እንተ'ኼንካ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ውግእ ስዑም ክትብል ኢኻ" ይብል።

ህግ 'ምበኣር፡ ዓቕሚ ገዛእ-ርእሱ ፈሊጡ ዓቕሚ ጸላኢኡ ብደቒቕ ኣጽኒዑ ዘየወላውል ዓወት ንኽጐናጸፍ፡ ሓበሬታ ኣብ ምእካብ ብዕቱብ ሰሪሑ። ዓቕሚ ጸላኢኡ ብዝግባእ ተረዲኡ፣ ኣበይን መዓስን ብኸመይን ኣጥቒዑ ከምዝዕወተሉ ድማ በብደረጁኡ ዝተታሕዘ ወተሃደራዊ ስትራተጂ ሓንጺጹ።



ይኹን ግን፡ ደርግ እውን ብጸረ-ስለያን ወተሃደራዊ ስትራተጂታትን ሰናፍ ኣይነበረን። ኰይኑ ድማ፡ ንኹሉ ኵነታትን ስለያዊ ምንቅስቓስ ህዝባዊ ግንባር ብምምርማር፡ ምጽናዕን ምትንታንን፡ ህግ ንወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ከጥቅዕ ምዃኑ ኣረጋገጸ። ዓቕሚ ህዝባዊ ግንባር ብዝግባእ ተረዲኡ ከኣ፡ ነቲ መጥቃዕቲ ከፍሽል ዝኽእል ምድላው ገበረ። ህዝባዊ ግንባር'ውን ብግዲኡ፡ ምጽዋዕ ከጥቅዕ ምዃኑ ደርግ ከም ዝፈለጠን ነቲ መጥቃዕቲ ከፍሽል ዝኽእል ምድላው ከምዝጻፈፈን ብጽዑቕን ጽኡይን ስለያዊ ሓበሬታታት ኣረጋገጸ።

እዚ ኵነታት’ዚ ንህዝባዊ ግንባርን ነቲ ንነዊሕ እዋን ዝተሰርሓሉን ዝተሃንደሰን ወተሃደራዊ ስርሒትን፡ ኣብ ሓደጋ ዘውድቖ እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ፡ ህዝባዊ ግንባር እቲ ብነዊሕን ደቂቕን ስለያዊ ንጥፈታት ዝኣከቦ ሓበሬታታትን ዝሃንደሶ ወተሃደራዊ ስትራተጂን ብጸላኢኡ ተፈሊጡ እዩ። ስለዚ፡ እቲ ኣብ ኵናት ዝለዓለ ኣገዳስነት ዘወሃቦን ናይ ዓወት ብልጫ ዝህብን “ሃንደበትነት” ተመንጢሉ እዩ። ኣብ ከም’ዚ ኵነታት ኣብ ልዕሊ ጸላኢኻ መጥቃዕቲ ምፍናው፡ “ጥፍኣ ዝበለን ሓሩጭ ምስ ንፋስ ይጻወታ” እዩ ነገሩ።



ህዝባዊ ግንባር፡ እቲ ዝወጠኖ ስርሒት ፈንቅል ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኵነት ክፈሽል ከምዘይብሉን ክትግበር ከምዘለዎን ወዲእዎ እዩ። ይኹን ግን፡ እቲ ጨቢጥዎ ዝነበረ “ሃንደበትነት” ኵናት የብሉን። ሕጂ ዝካየድ ኵናት፡ ኣንጻር’ቲ መጥቃዕቲ ክትፍኑ ምኳንካ ድሮ ፈሊጡካ ዘሎ፡ ኣብ ድፋዓቱ ኮፍ ኢሉ ዝከላኸልን ዝለዓለ ዓቕሚ ዘለዎን ጸላኢኻ እዩ። እዚ ከም’ዚ ዓይነት ኵናት፡ ኣይኰነንዶ ኣብ ምክልኻል ምስ ዘሎ ብዓቕሚ ጸብለልታ ዘለዎ ጸላኢኻ፡ ምስ ትሑት ዓቕሚ ዘለዎ ኣብ ምክልኻል ዝርከብ ጸላኢ’ውን ዘዋጽእ ኣይኰነን። “እሞ ደኣ እንታይ ይገበር?” ንወተሃደራውያን ሃንደስቲ ህዝባዊ ግንባር ኣዋጣሪ ሕቶ ኰነ።

እታ እንኮ መፍትሒት፡ ነታ ደርጊ መንጢልዋ ዘሎ “ሃንደበትነት” ደጊምካ ካብ ደርጊ ምምንጣላ እዩ። “ጽቡቕ። ግን ብኸመይ ንምንጥላ?”

ወተሃደራውያን ሓንጸጽቲ ስትራተጂ ህዝባዊ ግንባር ክምልስዋ ዝነበሮም ሕቶ እያ። ምስ ጸላኢኻ ፊት ንፊት ተፋጢጥካሉ ኣብ ዘለኻ ህሞት እንተ'ኾነ'ውን፡ ንጸላኢኻ ኣብ ዘይተጸበዮ ኣንፈት/ማእዝን ብምጥቃዕ ብልጫ “ሃንደበትነት” ክትጭብጥ ትኽእል ኢኻ። ነዚ ንምግባር፡ መደናገሪ ወስታ (ሞሳ) ብምግባር ኣብ ኣእምሮ ጸላኢኻ ትጽቢት ክትፈጥር ኣሎካ።



እዚ ስትራተጂ'ዚ፡ ኣብ ወተሃደራዊ ስትራተጂ ቻይና፡ “ኣብ ምዕራብ ወስ ኢልካ ኣብ ምብራቕ ኣጥቅዕ።” ተባሂሉ ይግለጽ። እቶም ሓላፍነት ህይወት ኣሽሓት ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ ኤርትራ ዝተሰከሙ ወተሃደራውያን ሃንደስቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ህይወት ተጋደልቲ ተዓቂቡ ብውሑድ ዋጋ ስርሒት ፈንቅል ንምፍጻም፡ ክግመት ዘይከኣል ስትራተጂ ሓሰቡ። ንሱ ከኣ፡ “ስርሒት ፈንቅል ዕዉት ንምግባሩ፡ ኣብ ሕምብርቲ ኢትዮጵያ ኬድካ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ምፍናው።” ዝብል ነበረ።

ስለ'ዚ፡ ገለ ክፋል ናይ'ቲ ስርሒት ፈንቅል ንምፍጻም ኣብ ጕላጉል ሰምሃር ሻሕ ኢሉ ዝነበረ ሓጸልጸል ዝብል ኤርትራዊ መንእሰይ (ክ/ሰ 70) ሃንደበት ማርቸድሳት ተጻዒኑ፡ ካብ መሬት ኤርትራ ተሰወረ። እንተ'ኾነ፡ ሰራዊት ደርግ ናይ'ዚ ሓድሽ ወተሃደራዊ ለውጢ ኣመታት ከይረክብ ምእንቲ፡ ናይ ውሑዳት ኣሃዱታት ክ/ሰ 70 ምንቅስቓስን ርክባት ሬድዮታትን ኣብ ጕላጉል

ሰምሃርን ምስኡ ዝዳወብ መሬት ሳሕልን ቀጸለ። እቲ ብቐንዱ ስርሒት ፈንቅል ንምፍጻም ዝተወሰነ ክ/ሰ 85 ድማ ፍጹም ካብ ርክባት ተሰወረ። ወተሃደራውያን ሃንደስቲ ደርጊ፡ ክ/ሰ 70 ንነዊሕ እዋን ተሰዊርዎም ምስ ምንባሩ፡ ሕጂ ሃንደበት ብመጥለፊ ሬድዮታት ደሃዩ ምርካቦምን፡ ነቲ ምጽዋዕ ንምጥቃዕ ዝተወጠነ ውግእ ክ/ሰ 70 ከካይዶ ምዃኑ ኣመኑ።



ኣብ ከም'ዚ ኵነተ ኣእምሮ እንከለዉ፡ እቲ ካብ ኤርትራ ተበጊሱ 1800 ኪ.ሜ ተጓዒዙ ከይተፈልጠ ብስዉር ማእከል ኢትዮጵያ ዝኣተወ ሓይሊ ክ/ሰ 70፡ ኣብ መጀመርያ ጥሪ 1990 ነቲ ቀሲኑ ኣዒሙ ዝነበረ ሰራዊት ደርግ ኣብ ኣሶሳ ዝተባህለ ቦታ ረመጽ ከዓወሉ። ኢትዮጵያን ዓለምን በዚ ሃንደበታዊ ስርሒት ተናወጸ። ደርግ ድማ፡ "ሻዕቢያ እምበኣር ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ንምጥቃዕ እዩ ኣብ ሰምሃር መናውራታት ክገብር ጸኒሑ። ኣህሚሉና!" ብምባል፡ ካብ ትግራይን ካልእ ቦታታት ኢትዮጵያን ተደራቢ ሓይሊ ብምስሓብ ነቲ ኣብ ማእከል ኢትዮጵያ ዝተወልዐ እሳት-ጐመራ ህዝባዊ ግንባር ንምጥፋእ ተጓየየ።

እቲ ኣብ ኤርትራ፡ ብፍላይ ድማ ምጽዋዕ ንምክልኻል ኣብ ምሉእ ተጠንቀቕ ዝነበረ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት'ውን ከምኡ ብምእማን ክዛነ ጀመረ። ህዝባዊ ግንባር፡ ነታ ዝተመንጠለቶ 'ሃንደበትነት' በቲ "ኣብ ምዕራብ ወስ ኢልካ ኣብ ምብራቕ ኣጥቅዕ" ዝብል ወተሃደራዊ ስትራተጂ ደጊሙ ካብ ደርጊ መንጠላ

እቲ 1800 ኪ.ሜ ተጓዒዙ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዘጥቀዐ ገለ ክፋል ክ/ሰ 70 ምስ ኣሃዱታት መካናይዝድ፡ ነቲ “ከም በርቂ ኣጥቂዕካ ከም ንፋስ ተሰወር” ዝብል ወተሃደራዊ ስትራተጂ ብምኽታል፡ ኣብ ሓጺር መዓልታት ሽታ ማይ ኰነ። ምንቅስቓሳቱ ከይተፈልጠ ድማ፡ ከም’ቲ ቀዳማይ ብመሬት ሱዳን ሓሊፉ ሰምሃር ተራእየ። በዚ ከኣ፡ ሰለስተ ብርጌዳት ክ/ሰ 85፡ ሰለስተ ብርጌዳት ክ/ሰ 70፡ ክልተ ብርጌዳት ክ/ሰ 61፡ ሓደ ብርጌድ ክ/ሰ 96 ከምኡ’ውን ክልተ መካናይዝድ ብርጌድ 74 ነቲ ናይ መጥቃዕቲ ስርሒት ንምክያድ ተዳለዋ። ብሓፈሽኡ፡ ህዝባዊ ግንባር 13,500 ምዑታት ተጋደልቲ፡ 45 ታንክታት 100 ሚ.ሜ.፡ 31 ከበድቲ መዳፍዕ (130፡ 122፡ 85ሚ.ሜ.)፡ 4 ቢኤም 21 ወንጫፊ ሮኬት፡ ልዕሊ 20 ጸረ-ነፈርቲ ረሳሻትን ጸረ-ታንክ ሚሳይላትን ከምኡ’ውን ልዕሊ 10 ፈጣናት ጀላቡ ዝዓጠቐ መጠነ ንኡስ ሓይሊ ባሕሪ ኣሰሊፉ ነቲ ብባህሪኡ ፍልይ ዝበለ ናይ ባሕርን መሬትን ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ተዳለወ።



ሰራዊት ደርግ ብወገኑ፡ ምስ 3000 ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ተደሚሩ ኣስታት 25,000 ወተሃደራት፡ ኣስታት 150 ዝተፈላለያ ታንክታት፡ ኣስታት 70 ከበድቲ መዳፍዕ፡ ልዕሊ 100 ረሻሻት፡ ብብዝሒ ጸረ-ታንክ ሚሳይላት፡ ካብ ኣስመራ እናተበገሳ ዝድብድባ ነፈርቲ፡ ብሸውዓተ ስኳድሮን ዝቈመ 35 ዓመት ዕድመ ዝነበሮ ምኵር ሓይሊ ባሕሪ 30 ዓበይቲን ንኣሽቱን መራኽብ ዓጢቑ ንምክልኻል ድሉው ነበረ።

እቲ ብኹሉ መለክዒታት ወተሃደራዊ ዓቕሚ ምስ ሰራዊት ደርግ ክነጻጸር እንከሎ ንኡስ ዓቕሚ ዝነበሮ — ንመጥቃዕቲ ዝተዳለወ ሓይሊ ህዝባዊ

ግንባር፡ ብልዑል ብልሓት ዝጨበጣ ‘ሃንደበትነት’ ኵናትን ሓቀኛ ዕላማን ሒዙ፡ ኣብ ልዕሊ’ቲ ብልዑልን ብልሓትን ርቀትን ወተሃደራዊ ስትራተጂ ህዝባዊ ግንባር ዝተሃመለን ኣብ ምክልኻል ዝነበረን መግዛእታዊ ሓይሊ፡ ናይ ሰለስተ መዓልታት በርቃዊ መጥቃዕቲ (8-10 ለካቲት 1990) ብምክያድ፡ ነቲ ሕጂ ድሕሪ 33 ዓመታት ብሓበንን ኵርዓትን እንዝክሮ ዘሎና ኣደናቒ ኤርትራዊ ወተሃደራዊ ዓወት፡ ብደምን ኣዕጽምትን ጀጋኑ ኣብ ማህደር ታሪኽ ኤርትራ ጽሒፉ።